# ሎምስ ክጠራጠር ጀሚረ

ቀለታ ኪዳነ 11-04-07

ዝኸበርኩም ተኸታተልቲ

ብተክኒካዊ ኮምፒዩተር ምኽንያት ሎሚ ቕነ ካብቲ ምስ ገለ ደቂ ሃገር ዝራኸበሉ ዓውዲ ኢንተርነት ተፈልየ ስለዝቐነኹ ንሓደ ሓው ደዊለ ሎምቅነኸ እንታይ ሓድሽ ወረሎ? ምስ በልኩዎ፡ ''ወረኦም ኣይትሕሽ ሎሚ ኣነ ብዛዕባኦም ክሰምዕ ኣይደልንየ'' ክብል መለሰለይ። ብዛዕባ መን ምስ በልኩዎ ከኣ እዚኦም ኮነ እቲኦም ደይ ኵሎም ካብ ሓደ ማሕጸን ዝወጹ ወይ ከኣ ኣብ ሓደ ፋብሪካ ዝተሰርሑዮም ንህዝቢ ኢና ንሰርሕ ዘሎና እናበሉ ንህዝቢ ዝሓልን ብህዝቢ ዝግደስን የብሎምን። <u>ሰማ ዝሃገርካ ዳኣ ሎሚ ህገር ኣብ ገምገም ጥፍኣት ከላ መንእሰይ ሃገር ገዲፉ እናተሰደን ኣብ ምድረበዳዳትን ባሕርን እናሃለቐን ኣብ ስልጣን ምተባእሱ?</u> ብእምነተይ ኵሎም ኣንጻር ሃገርን ህዝብንዮም ክብል ሕልናኡ ብዝዓረበ ኣዘራርባ ገለጸለይ። ኣነ ከኣ ኣብቲ ሕሱም እዋን ብረታዊ ቃልሲ ዝተመሃርኩወን ነፍሰ-መደዓዓሲ ዝኾና ቃላት ስለዘለዋኒ ''ክላ ስኽ ኢልካ እባ ኢኻ'' እዚ ድኣሞ ቃልሲ እኮዩ። ሰብ ከኣ ከይተቓለሰ ኣይዕወትንዩ።

ኣብ ቃልሲ ከኣ ክንደይ ምውራድን ምድያብን ምውዳቕን ምትንሳእን ከም ዘሎ ታሪኽ ብዙሓት ሰውራታት ዓለም ዘረጋገጾዩ ክብል ነተን ዝፈልጠን ቃላት ሓንቲ ከየጕደልኩ ብምድርጓሕ ተወራዘኹሉ። ''ላላላላ'' ሎምስ ይኣክል ክንደይ ጊዜ ንነብስና ከነታልል። ክላ ድኣ ሎምስ ኣብቲ ናይ ''<u>ማሕበር ስኽ</u>'' ተጸምቢረ ምህላወይ ፍለጠለይ ክብል ከኣ ገለጸለይሞ ክልተና ስሓቕና። ብወገነይ እንተኾይኑ ግን እቲ ዝበዝሕ መዋእልኳ እንተሓለፈ ዝፈተወ ይፍተወኒ ዝጸልኤውን ይጽልኣኒ ነተን ተሪፈን ዘለዋ ዕድመይ ዝመስለኒ እናተዛረብኩን እናጽሓፍኩን ክሓልፍ ምኺነይ ኣረጋገጽኩሉ። ናይ ብሓቂ ከኣ ንዓይ ካብ ዝኾነ ይኹን ጠቕሚ ንላዕሊ ዘሓጕሰንን ዘቕስነንን እገለ ከይጸልኣኒ ብማለት ዝመስለኒ ከይሓባእኩን ከይጠዋወኹን ርእይቶይ ብዘይ ፍርሒ ክገልጽ ከሎኹ ጥራሕ ኢዩ። እዚ ጠባያትዚ ብሕልፊ ኣብዚ ሕብረተሰብና ስለዝተሞኮርኩሉ ጕዳኢ ምኺኑ ጠፊኡኒ ኣይኰነን። ይኹንምበር ንዓይ ንሕዋሳተይ ዘበራብርን ንሕልናይ ዘበራትዕን ንጕዕዞይ ዘደልድልን ምኺኑ ግን ኣይሓባእኩሉን። ካብኡ ዝተሓብኤኳ እንተዘይኮነ ንዓይ ኣብ ቃልሲ ዘጋጠመኒ ዕንቅፋታት ጠቒሲ ዘቕረብኩሉ ጭብጢን ዘበርከትኩሉ ምድዕዓስን ከኣ ነቲ ካብ ምእንቲ ፍትሕን ሰላምን ህዝብና ምቅላስ ጡረታ ምውጻእ እሞ ኣብ <u>ማሕበር ስኽ</u> ምውዳብ ዝነበረ ውሳኔኡ እንደገና ክሓስበሉን ክመራመረሉን ሓጊዘዮ ዝብል እምነት ኣሎኒ።

ኣብቲ ዘበገሰኒ ጕዳይ ንምእታው ድሕሪ እዚ ኵሉ ቃልስን መስዋእትን ስለምንታዩ ጕዳይ ህዝቢ ኤርትራ ክጸፍፍን ክጸርን ዘይከኣለ? ኣብ ሓደ ሃገር እቲ ስርዓትኳ እንተዘይጥዓየ ቅኑዕን ንጹህን ተቓዋሚ ይፍጠር። ህዝቢ ሰሪዑን ጠርኒፉን ክቃለስን ክዕወትን ከኣ ይበቅዕሞ ነቲ ግፍዓዊ ወይ ዘይህዝባዊ ስርዓት ንኸትኣሊ ይከኣል። ኣብ ሃገር ከኣ ፍትሕን ሰላምን ይነግስ። ብወገነይ ክርእዮ ከሎኹ ግን ናይ ኤርትራ ጸገም ፍሉይ ኢዩ። ፍሉይ ዝገብሮ ከኣ እቲ ብረታዊ ቃልሲ ካብ ጥንቲ ብመሰረቱ ኣብ ትሕቲ ደቂ ሃገር ዘይኮነስ ኣብ ትሕቲ መምርሕን ትእዛዝን እቶም ኣበገስቱን ሓገዝቱን መስነቕቱን ኰይኑ ደቂ ሃገር ክእዝዙዎን ክኣልዩዎን ንረብሓኦም

ከውዕሉዎን ብዘይምኽኣሎም ኢዩ ዝብል ሚዛንዩ ዘሎኒ። ካብኡ ብዝነቐለን ዝመጸን ከኣ እቶም መራሕቲ ነቲ ካብ ክሳድ ንላዕሊ ህዝባዊዩ ዝብሉዎ ውድባት ከም ውልቃዊ ንብረቶምን ጥሪቶምን ስለዝቈርሩዎን ንኻልኦት ኣሕሊፎም ክህብዎ ስለዘይደልዩን ኢዩ።

ምናልባት ገለ ሰባት ጀብሃ ድኣዩ ኣብ ትሕቲ ኣዕራብን ኣብ ትሕቲ ብዓስ ምዓስን ምቊጽጻርን ዝጸንሔምበር ሻዕብያስ ነጻ ዝኾነ ብደቂ ሃገር ዝምራሕን ዝሕገዝን ህዝቡ ወዲቡን ኣንቂሑን ኣዕጢቑን ዝተቓለሰን ዝተዓወተን ውድብዩ ክብሉ ይስምዑ ኢዮም። ከም ናተይ እምነትን ኣፍልጦይን እንተኾይኑ ግን ሻዕብያ እውን እንተኾነ ብኻልኦት እንዳትሓገዘን እናትኣዘዘን ንረብሓን ጠቕምን ካልኦት ክሰርሕ ዝጸንሔን ዘሎንዩ ኢለየ ዝኣምን። ሻዕብያ እዚ ኾሉ ሎሚ ዝፍጽሞ ዘሎ ዕንወት ሃገርን ህዝብን ሕጂ ድሕሪ እቲ ንሱ ናጽነት ዝብሎ ግን ከኣ ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዝገደደ ባርነትን ግፍዕን ማእሰርትን ድኽነትን ጥሜትን ኣእትዩ ዝርከብ ዘሎ ምምሕዳሩ ዝመጸ ኣይኮነን። እንታይ ድኣ ፍጥር ክብል ከሎ በብቕሩብ መሰረት ክተኽለሉን ከዕንዎን ዝጸንሔ ኢዩ። ብዝኾነ ግን እቲ ናይ ጀብሃን ሻዕብያን ታሪኽ ንጽሓፍቲን ተመራመርትን ታሪኽ ገዲፈ ሎሚ ብዛዕባዚ ዘሎ ህሉው ኵነታት ሃገርን ህዝብን ክዛረብ እመርጽ።

ስለምንታዩ ህግደፍ ንህዝቢ ኤርትራ ብፍትሕን ሰላምን ክመርሖ ዘይክኣለ? ዘይክኣለ ጥራሕ ዘይኮነ ከኣ ዘይደሊ? ሻዕብያ ንህዝቢ ኤርትራ ብሰላምን ብቕሳነትን ክመርሖን ከማዕብሎን ስለዘይደሊ እምበር ዓቕሚ ስለዝሓጸሮ ኣይኮነን። ዓቕሚ ዘለዎም ሰባት እናኣሰረን እናጥፍኤን ዓቕሚ ክረክብ ከም ዘይክእል ጠፊኡዎ እውን ኣይኮነን። ካብኡ ሓሊፉ ከኣ ስለምንታይ ኣብ ኤርትራ ጥዑይን ሓላይን ዝኾነ ተቓውሞ ሓይሊ ዘይተፈጥረ? ስለምንታዩ ኪዳን ተፈናጭሉ? ስለምንታዩ እቲ ካልኣይ ክፋል ኪዳን እንተኾነ ሑሴን ከሊፋ ካብኡ ብዝተረፈ ከኣ በሽር ይስሃቕ ኣቦ መንበር ክኾውን ደልዩ? ሑሴን ከሊፋን ኢሳቕ በሽርን ናይ ውድባቶም ፖለቲካዊ ፕሮግራማት ዘይሰማማዕ ክነሱ ኣብ ምሕላው ረብሓታት ስለምንታይ ክትኣማመኑ ክኢሎም? ስለምንታይከ ኪዳን ቊጽሪ 1 እንተኾነ መሓመድኑር ኣሕመድ ካብኡ ዝተረፈ ከኣ ዓብደላ ኣደም መራሒ ክኾውን መሪጹ? ስለምንታይከ እቲ ብዓቕሙ ኮነ ብትምህርቱ ክመርሕ ብቕዓት ኣለዎ ተባሂሉ ዝእመነሉ ኣቦ መንበር ሰውራዊ ባይቶ ወልደሱስ ዓማር ንሕጸ ኣቦ መንበርነት ዘይቀረበ?

ስለምንታይከ ክልቲኦም ወገናት ኪዳን ኣብ ክንዲ ብውሳኔታትን ብጽሑፋትን ብመራሕቲ ውልቀሰባት ዘይተኣማመኑ? ብዙሕ መልሲ ዘይተረኽበሉ ሕቶታት ኢዩ። እቲ ካብ ኩሉ ዝገርም ከኣ ብወገን ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ እቲ ንሑሴን ከሊፋ ኮነ ሓሰን ኣሰድ ዝተመልከቶም ናይ ኣቦ መንበርነት ኪዳን ስልጣን ነቲ ኣብ ጉባኤ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ድሕሪ ዓብደላ እድሪስ ዝለዓለ ድምጺ ኣምጺኡ ተባሂሉ ዝተነግረሉ ዶር. የውሃንስ ዘርእማርያም ዘይምልከቶ ኰይኑ ክትዕዘብ ከሎኻ ኢዩ። ንምኳኑ ዶር. የውሃንስ ዘርእማርያም ኣበይ ኣተወ? ቅድሚ ሎሚ ንምቅርራብ መራሕቲ ውድባት ብዙሕ ከም ዝሰርሔን ዘቀራረበን ተነጊሩሉ ከብቅዕ ኣብ ናይ ዝሓለፈ ኣኼባ ኪዳን ኣብ ካርቱም ኮነ ሎሚ ዓመት ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣብ ጉባኤ ኪዳን ተረኺቡ ግደ ከም ዝህልዎ ክግበር ዘይተደልየሉ ምኽንያትስ እንታይኮን ይኸውን? እቲ ጕዳይ ህዝቢ ኤርትራ ኣብዚ ሎሚ በጺሑዎ ዘሎ ሕማቕ ኵነታት በጺሑ ከሎ እሞ ኣይኮነንዶ ናይ ደቂ ሃገር ናይ ካልኦት ሓገዝ ኣብ ዝድለየሉ ዘሎ እዋንሲ ንሱ ድኣ ንምንታይ ትሓቢኡ? ከምዚ ዝኣመሰለ

ሕቶታት ምስ ትሓትት መብዛሕትኡ እዋን እዚ ጉዳይ ውድብና ስለዝኾነ ንዓኹም ዘእቱ ኣይኰነን ክበሃል ንሰምዕ ኢና። እቲ ውድባት ሃገራውን ብዛዕባ ሃገር ዝዛረብን እንድሕሪ ኰይኑ ግን ደቂ ሃገር ብዛዕባ ውድባት ኮነ መራሕተን ክዛረቡን ርእይትኦም ክገልጹን መሰሎም ኢዩ።

ቀዳማይ ወገን ክፋል ኪዳን ነቲ ንኽልተ ዙርያ መሪሑ ሓንቲ ለውጥን ምምሕያሽን ከም ዘየርኣየ ብግልጺ ኣብ ኣኼባ ባዕሉ ዝተኣመነን፡ ብዕድሚኡ ኮነ ብተመክሮኡ ሎምስ ንዓይ ግደፉኒ ምስቲ ጊዜን ኩነታትን ዝኸይድ ካባይ ዝሓይሽ ሰብ ርኸቡ ክብል ዝግብኦ ሓሴን ከሊፋ ኮነ ኤርትራ ብፈደራል ተቑራሪጻ እንተዘይኰይኑ ብምንም ትኣምር ድሕሪ ሕጂ ብደቂ ከበሳ ክንዕብለልን ክንምራሕን ኣይንደልን ኢና እናበለ ዓው ኢሉ ዝዛረብ  በሽር ይስሃቅ ንኣቦ መንበርነት ዘይምቕባሎም ዘገርም ኣይኰነን። እቲ ንጀብሃ ገዲፉ ምስ ስርዓት ህግደፍ ዝጸንሔ ወዲ ዓሊ ግድር መሓመድኑር ኣሕመድ ኮነ እቲ ሳሆታይ ዓብደላ ኣደም እንተኾነውን ሳሆታይ ብምኳኑ ጥራሕ ዘይኰነ ሻዕብያውን ህግደፋውን ብዓል ስልጣን ብምጽንሑ  በቶም መስረትን ቀንዲ ተዋሳእትን ገድሊ ስለዝኾና ናይ ቪቶ ድምጺ ክህልወና ይግባእ ኢሎም ዝኣምኑ ደቂ መታሕት ተቐባልነት ዘይምርካቡ እንተኾነውን ብዙሕ ዘደንቕ ኣይኰነን። ኤርትራ ከኣ እዞም ናይ ሓምሳታትን ስሳታትን ኣትሓሳስባ ሒዞም ንመንግስቲ ኮነ  ቃልስን ናብራን ህዝብና ኰለል ዘብሉ ዘለዉ ካብቲ ስልጣንን ሓላፍነትን ከይትኣልዩ ሰላምን ፍቕርን ስምምዕን ክርከብ ኢልካ ምጽባይ ሕልሚ ጥራሕ ኢዩ። እዚ ከኣ ዜሩ ዜሩ ዘእትወካ ምስቲ ናይ ህዝብና ዘይምምሃርን ዘይምምዕባልን ኣብ ድኽነትን ድንቁርናን ተሸሚሙ ምንባርን ዝተተሓሓዘ ኰይኑ ንረኽቦ።

እቲ ዝፍጠር ኪዳናዊ ሓይሊ ቅኑዕን ብሕጊ ክሰርሕ ዝኽእል ምኳኑ እንተኣሚኖሙሉኽ እቲ መራሒ ንበይኑ ክገብሮ ዝኽእል ስለዘይህሉ ናይ መራሒ መንነት ስለምንታይ ክንድቲ ኣፍሪሑን ፈናጭሉን? እቲ ኣኼባኽ ኣበይ ተገሩ? ምስ ተፈናጨሉ መንግስቲ ኢትዮጵያኸ ንመኖምዩ ደጊፉ? እቲ ኩሉ ህዝቢ ዝደልዮን ዝቕበሎን ውሳኔታት ተሰማሚዮሙሉ ከብቅዑ በቲ ዝተፈናጨሉሉ ናይ መን ይምርሓና ክፈላለዩ ከለዉኸ ብወገን ኢትዮጵያ ንዕርቂ እንታይ ጻዕሪ ተኻየደ? እቲ ነዞም ክልተ ብመጠኑ እውን ይኹን ብኢትዮጵያ ዝሕገዙን ዝተባብዑን ወገናት
ዘበኣሰን ዝፈላለየን ጉዳይ ብወገነይ ከቢድ ካብ ዓቕሚ መንግስቲ ኢትዮጵያ ንላዕሊ ኰይኑ ስለዝተረኽበዩ ዝብል እምነት የብለይን።  እቲ ኩሉ ጊዜ ዝገርመንን ተመራሚረን ሓሲበን ክበጽሖ ዘይከኣልኩን ግን መንግስቲ ኢትዮጵያ ሓደ ስሙርን ስጡምን ሓያልን ዝኾነ ስርዓት ኣብ ኤርትራ ክርእዩ ኣይደልዩን ኢዮም ዝብል ኣዘራርባ ኢዩ። ኣብ ኤርትራ ዝትከል መንግስቲ ዋላ እንተሓየለ ዋላውን እንተነፍዔ ብዓቕሙ ኮነ ብትሕዝቶኡ ካብ ኢትዮጵያ ንላዕሊ ክሕይልን ክህብትምን ኣይክእልንዩ። እሞ እንታይ ድኣዩ ንኢትዮጵያ ከሰክፉ ይኽእልዩ ዝበሃል?

ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ ሓደ ስጡምን ሰላማውን ዲሞክራስያውን ስርዓት ክትከል ዘይምድላዮም ድኣሞ ንረብሓኦም ድዩ ንጕድኣቶም? ገለ ሰባት ከም ዝብሉዎ እቲ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ትወስዶ ስጕምትታት ከይተረፈ ብኻልኦት ካብኦም ዝዓብዩ ዝመጽእ መምርሕን ትእዛዝን እምበር ብናታቶም ጥራሕ ዝውሰን ስለዘይኰነዩ ይብሉ ኢዮም። ነቲ ንሳቶም ዝብሉዎ ክትኣምን ዘገድደካን ኢትዮጵያውያን ብፍላይ ከኣ እዚ ሎሚ ዘሎ ስርዓት ወያነ  ፈታዊ ሃገርን ህዝብን ኤርትራ ኢዩ ኢልካ ከይትኣምን ዘጠራጥረካን ከኣ ብዙሕ ምኽንያታት ትረክብ።

ሎሚ ኢትዮጵያ ቀንዲ ጸላኢት ተሮሪስትን ምንቅስቓሳት ጅሃዳትን ኰይና ኣብ ዓለም ንእስላማዊ ጅሃድነትን ተሮሪስትነትን ንምጥፋእ ኣብ ጐድኒ ኣሜሪካ ተሰሪዓ ትቃለስን ትስዋእን ከም ዘላ ኵላትና ንርእዮን ንዕዘቦን ኣሎና። እዚ ኰይኑ ግን ነቲ ኣብ ኤርትራ ዝተፈጥረን ብዓላማ ጅሃድነትን እስላማዊ ኣኽራርነትን ክሰርሕ ዝጸንሔን ዝሰርሕ ዘሎን ምንቅስቓስ ጅሃድ ቀንዲ ትምውሎን ተካይዶን ተጠናኽሮን ኢትዮጵያ ምኻና ንፈልጥ ኢና ኢሎም ጭብጥታት ዘቕርቡ እውን ሒደት ኣይኰኑን። እሞ እዝስ ንስርዓት ኢሳያስ ንምድኻም ጥራሕ ኢልካ ዝተወሰነ ሓደገኛ ውሳኔዶ ይኸውን? ኢትዮጵያውያን ብሶማል ዝመጽእ ጅሃድነት ካብ ኣፍርሖምን ኣሰከፎምንከ ብኤርትራ ዝመጽእ ጅሃድነትን ተሮሪስትነትን ዝሓቝፉሉን ዝሕግዙሉን ምኽንያት እንታዩ?

ኪዳን ክፈናጨል ከሎ ሚእቲ ካብ ሚእቲዩኳ እንተዘይተባህለ ዳርጋ ከምቲ ናይ ጀብሃን ሻዕብያን ኣፈናጭላ ዝመስል እቲ ከበሳን ቀይሕ ባሕርን ብሓደ ወገን እቲ መታሕት ከኣ በቲ ካልእ ዝመስል ኣፈናጭላዩ ተፈናጭሉ ዘሎ። ኢትዮጵያ ከኣ ብግልጺኳ እንተዘይኰነ ብውሽጣ ምስቲ ካልኣይ ወገን ማለት ምስቲ መብዛሕትኡ ሓይሊ መታሕትን ኣብ ምስልምና ዝኣምንን ከም ዝኾነ እውን ስልኹ ኢሉ ምስጢር ክነፍስ ይስማዕ ኣሎ። ነዚ ዝወሃብ ትንተና ከኣ እቲ ናይ ከበሳ ወይ ቀይሕ ባሕሪ ሓይሊ ካብ ኢትዮጵያ ሓሊፉ ኣብ ዝኸዶን ዝበጽሖን ስለዘይብሉ ብፍላይ ከኣ መሳርያ ዝዓጠቑን ንኢሳያስ ከዳኽሙ ዝኽእሉን ንሳቶም ስለዝኾኑ ነዞም ኣስላም ምሓዝን ምቍጽጻርን ይሓይሽ ዝብል እምነት ስለዘለዎምዩ ይበሃል። ብኻልኡት ከም ዝስማዕውን ነዚ እምነቶም እዚ መሸፈኒ ክኾኖም ነቶም ካብ ኪዳን ተፈልዮም ዘለዉ ውድባትን ምንቅስቓሳትን እውን ኣብቲ ካልኣይ ናይ መታሕት ሓይሊ ክሕወሱን ምስኡ ክሰርሑን ይደፋፍኡዎም ከም ዘለዉ ይስማዕ ኣሎ። እሞ እዚ ዝበሃልን ዝትንተንን ዘሎ ሓቂ እንተኾይኑኸ ነቶም ምስ ኢትዮጵያ ፍቕሪ እምበር ጽልኢ ኣየድልንዩ ብማለት ክንቃለስ ዝጸናሕና ኣየሰክፍንዶ ኣየጠራጥርንዶኸ? ኣነ ብወገነይ ብግልጺ ካብቶም ምስ ኢትዮጵያ ጽኑዕ ፍቕርን ምትእስሳርን ገርና ነቲ ስርዓት እሳያስ ዝኣጒዶ ጽልእን ቅርሕንትን ሰጊርናን ደምሲስናን ብምስራሕ ንመጻኢ ወለዶ ኣብ መንጎ ናይ ክልቲኡ ሃገራት ህዝቢ ሰላምን ፍቕርን ሕውነትን ዝትከለሉ ብሰላም ንነብረሉን መንገዲ ንጽዓር ክብልየ ጸኒሔ። በዚ ዝርእዮን ዝሰምዖን ዝዕዘቦን ዘሎኹ ግን ሎምስ ክጠራጠር ጀሚረ።